# <u>ፖለቲካ ሃይማኖታት</u>



**<u>ሓዳስ ኤርትራ</u>**

**<u>7 ጥቅምቲ 2017</u>**

ኣብ ታሪኽ ፖለቲካ ደቂ-ኣዳም ሓድሽ እኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብዚ መዋእል'ዚ፡ ዓለምን ሕብረተሰባትን ዘናውጽ ዘሎ፡ ከም ስግኣት ሰላምን ድሕነትን ዓለም'ውን ሻቕሎት ሓያላትን ድኹማንትን ኰይኑ ዘሎ፡ ብስም ሃይማኖት ዝፍጸም ሽበራዊ በደልን ነውጺን ህልቂትን ዕንወትን እዩ። ማዕረ ክብደቱ ከኣ፡ እቲ ጉዳይ ቅኑዕ መረዳእታን ዕቱብ ኣተሓሕዛን ዝሓትት'ዩ።

መበገሲ ናይዚ መልእኽቲ'ዚ ናብ ዕምቈት ዘለዎ ሰፊሕ ኣርእስቲ ንምእታው ዘይኮነ፡ ኣፈናዊ፡ ሓጺርን ቀሊልን መብርሂ ንምሃብ ጥራይ እዩ።

ክርስትና ኣብዛ ናይ ሕጂ ኤርትራ (መሬት-ሓበሻ) ኣብ 329 ዓመተ-ምህርት እዩ ኣትዩ። ምስልምና እውን ነቢይ መሓመድ ብህይወቱ እንከሎ (570-632 ዓ.ም.)፡ "ሰሓባ" ንመሬት ሓበሻ ኪዕቈቡ ምስ መጹ'ዩ ኣትዩ። ባሕረ ነገስታት ናይ ሽዑ፡ ኑቶም ዘዕቈብዎም "ሰሓባ" ከረክብዎም ምስ ተሓተቱ፡ "ኣሕሊፍም ከመዘይሀብዎም" ኣፍለጡ። ካብ ሽዑ ንድሓር፡ እምነታት ክርስትናን ምስልምናን፡ ብስኒትን ብሓባርን ነቢረን። እቲ ቁም ነገር፡ ናይቲ ታሪኽ ዝርዝራትን ክርክራትን ዘይኮነ (ዝነበረን ዘይነበረን "ናተይ'ዩ" ስለዝብል) ናይቲ ስርዓተ-ክብሪ (value system) መልእኽቲ'ዩ። እቲ ስርዓተ-ክብሪ፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊን ባህላዊን ህይወት ሕብረተሰባት ተኣሊሙ ከኣ፡ ሕላገት ስልጣነ ወለዶታት ኰይኑ ጸኒሑ። ህዝቢ ኤርትራ ወራሲ ናይዚ ስርዓተ-ክብሪ'ዚ ምዃኑ፡ ዕድለኛን ሕቡንን እዩ።

ኣብ እዋን ምስፍሕፋሕ መግዛእቲ፡ ኣብ 2ይ ክፋል 19 ክፍለ-ዘመን፡ "ሓደስቲ" እምነታት ንምትእትታው ኣብ ዝተፈተነሉ'ውን፡ እዚ ብዕምቈት ዝሰረተ ስርዓተ-እምነትን ስርዓተ-ክብሪን ኣይተነቓነቐን። ድሕሪ 2ይ ኲናት ዓለም፡ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኤርትራ ንምግምጣዕ ዝተሃቀነ "ሃይማኖታዊ" ጸወታ፡ ኣይሰርሐን። ኣብ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልሲ እውን፡ ተመሳሳሊ። ሕጂ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ መዋእል ሃገር ምህናጽ እውን፡ ሓድሽ ነገር ክህሉ ኣይክእልን። ካብ ቅድሚ ናጽነትን፡ ኣብ ፈለምቲ ዓመታት ናጽነትን፡ ብን-ላድን ንሱዳን መናሃርያ ሽበራ ገይሩ፡ "ጂሃዳውያን" ኣብ ኣፍጋኒስታን ኣሰልጢኑን ወዲቡን ኣዕጢቑን፡ ንዞባዊ ህውከት ይነጥፍ ኣብ ዝነበረሉ ክሳብ 1996 ይኹን፡ ድሕሪኡ፡ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ከመይ ከምዝነበረ ዘይፈልጥ የለን።

ህውከት ንምዝራእን ስሱዕ ሸውሃት ንምዕጋብን፡ መጋበርያ ትካላት ስለያ ዝኹኑ፡ ወይ ብሕልና ዝሰንከሉ፡ "ሓድሽ መጻሕፍቲ ኣሎና" – "ቃል ኣምላኽ ከነስምዓኩም" – "ክነጽርየኩም" – "ቲኬት ሰማያት ክንህበኩም" – "ማህዲ ይመጽእ ስለዘሎ፡ መሬት ከነጽርየሉ፡ ወይ ኣጽሪናሉ ክንጸንሕ" ወዘተ. እናበሉ፡ የዋሃት ንምድላልን መሳርሒ ኣጀንዳታቶም ንምግባርን፡ ዋኒናት ኣዋቓዕቲ ገርጊሩ ኣብ ዘለወሉ መዋእል እውን እንተኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ምህዞ የብሉን።

**ብስምን ጉልባብን ሃይማኖት፡ ምስልምና ይኹን ክርስትና፡ “ልዙብ” (moderate) ይኹን “ጥሩፍ” ነውጺን ሸበራን ንምዝራእ ዝህቀን፡ ቅሉዕ ይኹን ስቱር ዝመስል ሸርሒታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ጉዳይ ሃገራዊ ድሕነት ስለዝኾነ፡ ዕሽሽ ኣይበሃልን’ዩ።**